# ስካሪኮ3

ብ ኣወልኼር ዓ/ሕፊዝ

ንሓደ ንደርሆ ምሕራድ ዝኸውን ጭካነ ዘይብሉ ሰብ፤እንተዳኣ ኣብ ኣእምርኡ ብሾቭንያ ዝተላዕጠጤ ጽልእን ፍርሕን ክትዘርእ ኪኢልካ ቀታሊ ጥራሕ ዘይኮነስ ኣቀታትላ ዘኽፈኤ ሰብ ንምግባሩ ዘይከኣል ነገር ኣይኮነን።

ፍሬ ዘርኢ ጽልእን ፍርሕን ካብ ስካሪኮ ታሪኽ ዝተኣርየ ወይ`ውን ኮነ ኢልካ ዝተኣልመ ፈጠራ ክኸውን ይኽእል። ናይ ምዝራብን ምጽሓፍን ናጽነት ዘይጸነሖ ድሑር/ዕቡስ ሕብረተ ሰብ ከኣ ነዚ ከምዚ ዓይነት ዘራእቲ ዝቅበል ስቡሕ መሬት`ዩ።

ዑቡስ ሕብረተ ሰብ ዝኾነ ምስኮነ፤ ዝዓነወ ምስ ዓነወ፤ ዝተወሰደ ምስተወሰደ`ዩ መንገዲ ውሕጅ ዝጸርግ ! እቲ ምዕቡል ሕብረተሰብ ከኣ ንናይ ጽባሕ ግምታቱ ንኣጽናዕቲ ትካላት ሂቡ መሔለውታ ዝገብር`ዩ።

"ተስፋጽዮን" ይኹን ካለኦት ዝዘርእዎ ዘራእቲ ጽልእን ፍርሕን ምኽሻሕ ከም ንፆኦም ዝናን ረብሓን ምሃብ ገይሮም ዝርእዩ፤ ዘይ ምምላስ ዝድግፉ ኣሕዋት ኣለዉ። ግና ኩሉ ነገር ብሽለል ይቅተል ማለት ኣይኮነን። ናይ ጽልእን ፍርሕን/ ፎፐያ ጎሸኻሽ ከምቲ ነቀዝ ሶሊኹ ነቲ ኸርሲ ፍሬ ዘዕንዎ መጠን`ዩ። ብኣንጻሩ እምበኣር እዚኦም ደወል ተጠንቀቅ ስለ ዝደወሉ ንህዝብና ከነዕጥቅ ስለ ዝሓገዙና ካብቲ ዘለዎም ናውቲ ዕንወት ዘለና ናውቲ ህንጻ ስለ ዝበዝሕ ክንምክት ይግባእ፤ ልክዕ`ዩ እቲ ዘቋሰልዎ ክንድቲ ክኸውን ኣይክእልን፤ ይኹን`ምበር ንንእሽቶ ቁልዒ`ውን ኣጥፊእካያ ደቅስ ! ካብ ሕማም ጽልእን  ፍርሕን ንምክልኻል ንኹሉ ወዲ ሰብ ዘድሊ ክታበት ስለ ዘሎ። ንቅሓት። ሰብነት።

ፍርሕን ጽልእን ኣብ ደቂ ሰባት ክነግስ ምግባር ፤ ኣብ ጥዕና ዘለዎ ዘመንን ቦታን ብሃገራዊ ደረጃ ይኹ ኣህጉራዊ ደረጃ ብሕጊ ዘቅጽዕ ገበን`ዩ። ናይ በዳልን ተበዳልን ዛዕባ ኣብ ዝኾነ  ይኹን ህዝቢ ብዘይካ ፍትሒ ዝፍውሶ ዝኾነ ይኹን መድሃኒት የለን። ነዚ መድሃኒት`ዚ ዘይ ምውሳድ ከኣ ነፍሰ ቅትለት`ዩ።

በዚ ኣጋጣሚ`ዚ ክዝክሮ ደስ ዝብለኒ ኣብ ተሓኤ ይወሃበና ካብ ዝነበረ ንሾቭንያዊ ጽልኢ ዝጻረር (ክታበት)  ኣስተምህሮ ንኣብነት፡- ንኣብ መንጎ ኤርትራን ኢትዮጵያን ዘሎ ጎንጺ ብዝምልከት፡ ጸላኢና ኣብ ኢትዮጵያ ዘሎ ስርዓት እምበር ህዝቢ ኢትዮጵያ ከም ዘይኮነ፤እቲ ስርዓት ብተወላዶ ኣምሓራ ይምራሕ ማለት ዝኾነ ኣምሓራይ ጸላኢና ማለት ከም ዘኮነ ............ ወዘተ ። ብጣዕሚ ኣገዳስሲ ነይሩ፤ ነዚ መሰረት ገይሮም ኣተሓሳስበኦም ዝነደቁ ከኣ ብዙሓት`ዮም። ንደቆምን ከባብኦምን ጸልዮም ክኾኑ ኸኣ ተስፋ ኣሎኒ።

AAHafiz (212)14/02/2017